# እወ ሕጂውን ተበራበሩ እብለኩም
# (ሃብተጽዮን ተወልደ -
# ሎንደን ሓምለ 29, 2003)

ብቀዳምነት ሰላምታይ፣ ከምኡ ድማ፣ ነዚ ብሓልዮት፣ ዲሞክራሲያዊ ማሕበር መንእሰያት ኤርትራ (ዲማመኤ)፣ ኣካል ናይ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ - ሰውራዊ ባይቶ (ተሓኤ-ሰባ)፣ ንዝካየድ <u>ፈስቲቫል ካሳል 2003፣</u> ኣብዚ ጊዜ እዚ፣ መወዳድርቲ ይኹን መተካእታ፣ ከምዘይብሉ ኣረጋግጽ። ንህልኽ ኢሎም፣ እኒ ኣቶ ስዩምን ሰዓብቱን፣ ንናይ ፈስቲቫል ካሳል መተካእታ ዝኾውን፣ ኣብ ፍራንክፎርት ክንገብር ኢና፣ ዝብልዎ ዘለዉ፣ ናይ ቈልዑት ጭርጭር ዐበደ፣ መኣከብን መጋባኣያን፣ ካብ ምዃን ሓሊፉ፣ ወላ ሓንቲ ትርጉም የብሉን። በዚ ኣጋጣሚ እዚ ድማ፣ ንኣዳለውትን ንተሳተፍትን፣ ፈስቲቫል ካሳል 2003 ምስጋናይን፣ ሰናይ ትምኒተይን እገልጸልኩም።

ቀጺለ ድማ ኣብ ቀንዲ ኣርእስተይ ክምለስ እፈቱ።

ብ1976፣ ብድሕሪ እቲ፣ ናይ መሪሕነት ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ (ተ.ሓ.ኤ.)፣ 3ይ ስሩዕ ኣኼባ ሰውራዊ ባይቶ፣ ብሰንኪ እቲ ኣብቲ ጊዜ እቲ፣ ኣብ ውሽጢ እቲ ስሩዕ ኣኼባ ዝተወሰነ፣ ብዛዕባ ስምረት ምስ ህዝባዊ ሓይልታት ዝምልከት ውሳኔ፣ ኣብ መንጎ ናይ ተ.ሓ.ኤ. መሪሕነትን፣ ሓደሽቲ መሰረታትን (መብዛሕትኦም ክርስትያን ደቂ ከበሳ)፣ ዓቢ ውሽጣዊ ቅልውላው ተፈጥረ። ኮይኑ ግን፣ ነቲ ዝተፈጥረ ቅልውላው፣ ብሰላማዊ ኣገባብ ንምፍትሕ፣ ዓሚቍ ኣተኩሮን፥ መጽናዕትን ኣይተገብረሉን። ብድብድቡ እውን፣ ናይ ፋሉልነትን ምንቅስቓስ እዩ ተባህለ። ኣብዚ ግጉይ ሚዛን እዚ፣ ብምምርኳስን፣ “ሓድነት ውድብ ልዕሊ ኩሉ”፣ ብዝብል ዕባራ ምስምስን፣ መሪሕነት ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ፣ ኣብ ልዕሊ እዚ ዝተጠቕሰ፣ ናይ ሓደሽቲ መሰረታት ምንቅስቓስ፣ ወተሃደራዊ ስጉምቲ፣ ከም ዝውሰድ ገበረት።

ቀጺሉ እውን፣ ብ1977፣ ብድሕሪ እቲ 4ይ ስሩዕ ኣኼባ ሰውራዊ ባይቶን፣ ናይ 20 ጥቅምቲ 1977፣ ምስ ህዝባዊ ግንባር ዝተኸተመ፣ ናይ ስምረት ስምምዕን፣ ከም እንደገና፣ ኣብ መንጎ ናይ ተ.ሓ.ኤ. መሪሕነትን፥ ገዳይም መሰረታትን (መብዛሕትኦም ኣስላም ደቂ መታሕት)፣ ሓዲሽ ቅልውላው ተፈጥረ። ነዚ እውን፣ ከምቲ ዝድለ፣ ግቡእ ገምጋምን፥ ሚዛንን ኣይተገብረሉን። ብድፉኑ፣ ናይ ምስልምናን፥ ዓረብነትን፣ ሕማም ናይ ዘለዎም፣ ናይ ሕሉፋት የማናውያን ምንቅስቓስ እዩ ተባሂሉ ተጸወዐ። ኣብ ልዕሊ እዚ ምንቅስቓስ እዚ እውን፣ ሓድነት ውድብ ይገሃስ ኣሎ፣ ብዝብል ምስምስ፣ ወተሃደራዊ ስጉምቲ ከም ዝውሰድ ተገብረ። እቶም እንካብ ጊዜ፣ መዓል ስዉእ ሓምድ ዓዋተ፣ ገና ጀብሃ “ሽፍታ” ብዝብል፣ ናይ መግዛእታዋ ጸላኢ ሳጓ ትጽዋዕ፣ እንካብ ዝነበረትሉ እዋን ኣትሒዞም፣ መዋእሎም ምሉእ ንዝተቓለሱ፣ ኣቦታት ቓልሲ ንዝነበሩ መሰረታት፣ ብሓደ ጊዜ ከሲርናዮም።

ካብ ምህራም ናይ “ፋሉልን፣ የማንን” ውድብ ተ.ሓ.ኤ. መኽሰባ እንታይ ነበረ? ኢልና ምስ እንሓትት፣ መልሱ ንማንም ብሩህ እዩ። ቈራጻት መሰረታታ ጠንጢኖማ ከይዶም። ውድብ ተ.ሓ.ኤ. ክዛረቡ ጥራሕ፣ ጽሓይ ዝዓርቦም፣ ቁም ነገር ዘይብሎም ብከም እኒ “ሓረስታይ ወዲ ሓረስታይ” ዝኣመሰሉ ናይ ዘረባ ሊቓውንቲ ተዓብሊላ ተረፈት። <u>ከምቲ “ካብ በዓል ጣፍሲ፣ በዓል ኣፍ”</u>

ዝብልዎ ድማ፡ ሰብ ተግባርን ቑም-ነገርን ኣጥፊእና፡ እዞም ሕጂ ኣብ ውሽጢ ተሓኤ-ሰባ ተሪፎም ዘዕገርግሩልና ዘለዉ፡ ነዊሕ ዝመልሓሶም፡ ሰብ መጎተን ህልኽን ዝኾኑ፡ ከም እኒ ኣቶ ስዩም ዑቁባ ሚካኤልን ሰዓብቱን፡ ሒዝና ተረፍና። ከምቲ ዝውረ ዘይኮነስ፡ ንውድብ ተ.ሓ.ኤ. ዘስዓራ ድማ፡ ወድሓንካ ዘይብሉ፡ ናይ ትሕቲ ዓርኮብኮባይ መጎተን ሕሹኽሹኽን ኢዩ። ከም ውጽኢት ናይ እዚ፡ ዘይቅኑዕ ውሳኔታትን ስጉምቲታትን፡ ውድብ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ፡ ህዝባዊን፡ ወተሃደራዊራዊን፡ ሚዛና ፈኾሰ። ብቀሊሉ ድማ እንካብ ሜዳ ኤርትራ ተደፊኣ ንሱዳን ኣተወት። ኣብ ውሽጢ 19 ዓመት ዝተሃንጸት ውድብ፡ ኣብ ውሽጢ ዓመትን ፈረቓን ተበታተነት።

ታሪኽ ከም ዘምስክሮ፡ እቲ ቀንዲ ኣሉታ ናይ ወተሃደራዊ ስጉምቲ፡ ዘስካሕክሕ ሞትን፥ ማእሰርትን፥ ራዕድን ካብ ምፍጣር ሓሊፉ፡ ንነውሕ ጊዜ ዝጸንሕ፡ ሕማቅ ኣሉታዊ ኣሰር፡ ኣብ ውሽጢ ሕብረተ ሰብ ደቂ እታ ሃገር ይገድፍ። እዚ ስጉምቲታት እዚ፡ ካብ እቶም ውድብ መሪሕነት ተጋድሎ ሓርነት ዝንቀፉሎም፡ ንብዙሓት ተጋደልቲ ሞራሎም ዝሰበረን፡ ንእኩይ መደባት መራሒ ናይ ህዝባዊ ግንባር፡ ፕረሲደንቲ ኢሰያስን፡ መሻርኽቱን፡ ወርቃዊ ዕድል ዝኸፈተን፡ ንሰውራዊ ዲሞክራሲያዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ዘበርዓነን፡ ዘይሓላፍነታዊ ግጉያት ውሳኔታት፡ ምንባሮም ሎሚ በሪሁልና ኣሎ። ነቶም ኣብ ውሽጢ ውድብ ተጋድሎ ሓርነት ዝተረፍና፡ ወላ እኳ፡ ፈቲና ኣይፈቲና፡ እቲ ጉዳይ፡ ኣብ መዕርፎ ዝበጽሐ፡ ኾይኑ እንተሰመዓና፡ እቲ ድሕር ኢሉ ዝበርሃልና፡ ሓቂነትን ውጽኢቱን ግን፡ ውድቀት ዓባይ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራን፡ እዚ ክሳብ ሕጂ ዘሳቅየና ዘሎ፡ ፖሊቲካዊ ምብትታን እዩ። ውድብ ተ.ሓ.ኤ. ድማ፡ ብሰንኪ እቲ ዝተወስደ፡ ዘይቅኑዕ ወተሃደራዊ ስጉምቲታት፡ በቲ ሓደ ሸነኽ፡ ሓደሽቲን፥ ውፉያትን፥ ሰብ ዓ ቕሚን፥ ዝኾኑ መንእሰያት ተጋደልታ፡ ክትከስር ከላ፡ በቲ ካልእ ሸነኽ ድማ፡ ገዳይምን፥ ምኩራትን፥ ውፉያትን ተጋደልታ፡ ጠንጢኖማ ከይዶም።

ንተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ፡ ጸገማ ከምቲ ኣብ ውሽጢ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ፡ ዝነበረን ዘሎን፡ ሕጽረት ናይ ዲሞክራሲያዊ መስሪሕን ባህሊን፡ ኣብ ውሽጢ ውድባዊ ቅርጻን መደብ ዕዮን፡ ስለ ዘይነበራ ኣይኮነን። እንታይ ድኣ፡ ጸገማ ናይ መሪሕነታታ ድሕረትን፡ ድኽመትን ኢዩ። ኩልና ከም እንፈልጦ፡ እንካብ መጀመርያ 1970ታት ኣትሒዙ፡ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ፡ ምዕቡል ዲሞክራሲያዊ ኣሰራርሓ፡ ክትክተል ጸኒሓ። ሓደ ኣባል ውድብ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ፡ መሰረታዊ ዲሞክራሲያዊ መሰላቱ ብመትከል ሕሉው ኢዩ። ንናይ መሪሕነት ሓሳብን፥ ርእይቶን፥ ወይ እውን ውሳኔን፥ እሺ እናበለ ክድግፎም ጥራይ ዘይኮነስ፡ ዕለታዊ ውድባዊ ስራሑ እናፈጸመ፡ ክነቕፎምን፥ ክቃወሞምን፥ ክነጽጎምን ከምዝኽእል፡ ብመሳልል ውድብ ኣቢሉ ድማ፡ ንመሪሕነት ክፍልጦም፡ እውን ምሉእ ዘይጉዱል መሰል ኣለዎ።

ኣባላት መሪሕነት ተጋድሎ ሓርነት፡ ክሳብ 3ይ ሃገራዊ ጉባኤ ውድብ ዝግበር፡ ኣብ ውሽጢ ዘሎ ጊዜ፡ “ንዓና ምሉእ ዘይጉዱል ስልጣን ስለ ዝተዋህበና፡ መሰረታት ተ.ሓ.ኤ. ድማ፡ ዒም ትሒም ዘይብሉ፡ ፈትዩ ጸሊኡ፡ ብመሪሕነቱ ዝተኣዘዞ ትእዛዝን፡ ዝተዋህቦ መምርሒን ጥራይ፡ ክኽተል ኣለዎ”፡ ዝብል፡ ደረቅ ኣረኣእያ፡ ሒዞም ይጎዓዙ ሰለ ዝነበሩ እዩ። ኩልና ከም ዘይኝኽሕዶ ኣብ ኣሰራርሓ ናይ ሓደ ውድብ ማእከልነት ዝለዓለ ኣድላይነት እንተሃለዎ እኳ፡ ንኹሉ ዝልዓል፡ ጸረ-መሪሕነታዊ ተቃውሞ፡ ብኣዎንታ ተራእዩ፡ ከምቲ ዝድለ፡ ግቡእ ገምጋምን፥ ሚዛንን ክገብረሉ ይግባእ። ካብኡ ሓሊፉ ግን፡ ከም እዚ

ሕጂ፣ ከም እኒ ኣቶ ስዩምን ሰዓብቱን፣ ዝፍጽምዎ ዘለዉ፣ ንናይ ኣብ ስልጣን ዘደየቡኻ መሰረታትካ ርእይቶ ነጺግካ፣ ብደረቕ ማእከልነት ጥራሕ ክትፈትሖ ምውሳን፣ ጸረ-ዲሞክራሲን፣ ናይ ስልጣን ግህሰትን፥ ብልሽውናን ኮይኑ፣ ናብ ዲክታቶርነት እውን ዘምርሕ መንገዲ ጥፍኣትን፥ ጭቆናን ኢዩ።

ንምዕቡል ኣሰራርሓ፣ ዘይምዕቡላት መራሕቲ ክኽተልዎ እንከለዉ፣ ውጽኢቱ ሕንፍሽፍሽን፣ ምፍጣር ውድባዊ ቅልውላውን፣ ምፍንጫልን ኮይኑ ረኺብናዮ። ነዚ ድኽመትን፣ ድሕረትን፣ መሪሕነት ዓባይ ተ.ሓ.ኤ. ዝተረድኤ፣ መራሒ ህዝባዊ ግንባር ፕረሲደንቲ ኢሰያስ ኣፍወርቂ፣ ብመጀመርያ 1970ታት፣ ኣብ መባእታ ናይ ምፍንጫል ጽሑፉ፣ ንሕና መተካእታ ኢና (ማለቱ ድማ፣ መተካእታ ናይቲ ተጋድሎ ሓርነት፣ እትኽተሎ ዝነበረት፣ ምዕቡል ዲሞክራሲያዊ ኣሰራርሓ) ኢሉ ብምእዋጅ፣ “ዒም ዝበለ ይተሓጎም” ዝዕላምኡ፣ እሺ እናበልካ ጥራይ ተኣዘዝ ዝብል፣ ንኤርትራዊ ዜጋ፣ ሰብኣዊ ክብረቱ ግሂሱ፣ ናብ ባርነት ዘእተዎ፣ ኣብ ደረቕ ማእከልነት ዝተመሰረተ፣ ፖሊቲካዊ ውድብ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ (ህ.ግ.ሓ..ኤ.) ኣቆመ።

ብማዕዶ ክትርእዮ ከሎኻ፣ ከም ክቡር ዕንቍ ዘብለጭልጭ፣ ኣብ ማእከልነት ዝተመሰረተ ፖሊቲካዊ ስርዓት ህ.ግ.ሓ.ኤ.፣ ንብዙሓት ኤርትራውያን፣ ብፍላይ ድማ እቶም ንድሕረትን፣ ንድኽመትን፣ መሪሕነት ዓባይ ተ.ሓ.ኤ. ብቀረባ ክከታተልዎ ንዝጸንሑ የውሃት ዜጋታትን፣ ምሁራትን፣ ከይኣስተብሃሉ ብዕዉር እምነት፣ ብዘይ ዓሚቕ ኣተኩሮን፣ መጽናዕትን፣ ንህዝባዊ ግንባር፣ ከም ናይ ብሓቂ መተካእታ ስለዝመሰሎም፣ ናብዚ ውድብ እዚ ተሰለፉ። ገለ ድማ ንውድብ ተ.ሓ.ኤ. ገዲፎ ተጸንበርዎ። ወላ እኳ ሃገራዊ ነጻነት እንተ ኣረጋገጹ፣ እቲ ድሕር ኢሉ ዝበርሃልና ሓቂ ግን፣ ውጽኢት ናይዚ ዕዉር እምነትን፣ ኣርሒቕካ ዘይምምዛንን፣ ንሃገርና ኤርትራ ናብ ዘይተጸበይቶ ታኼላ፣ ደቅዲቆማ ይርከቡ። እምበኣርከስ ብሓጺሩ ፍልልይ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራን፣ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራን፣ እዚ ሕጂ መሰረታት ተሓኤ-ሰባ ዝዓዩሉ ዘለዉ ምዕቡል ዲሞክራሲያዊ ኣሰራርሓ ኢዩ።

እዚ ሕጂ፣ ኣብ ውሽጢ ተሓኤ-ሰባ፣ ተፈጢሩ ዘሎ፣ ውድባዊ ቅልውላው፣ ምስ እቲ፣ ብ1970ታት ኣብ ውሽጢ፣ ዓባይ ተ.ሓ.ኤ. ዝተፈጥረ ቅልውላዋት፣ ተመሳሳሊ ኮይኑ ይርከብ። ንናይ ቀደም፣ ኣብ ውሽጢ ውድብ ዓባይ ተ.ሓ.ኤ. ዝነበረ፣ መሰረታት ይኹን፣ ነዞም ሎሚ ኣብ ውሽጢ፣ ተሓኤ-ሰባ ተሪፎም፣ ዝቃለሱ ዘለዉ መሰረታት ውድብ፣ ጉዳይ ሕቶ ሃገራዊ ስምረት፣ መትከላዊን፣ ስትራተጂካዊን፣ ዕላማ ኣብ ልዕሊ ምኳኑ፣ ኣብ ምውሳንን፣ ምዕዋቱን ድማ፣ ማእከላዊ ዲሞክራሲያዊ መሰሉ፣ ምኳኑ እውን ይኣምን። ንናይ ቀደም ይኹን፣ ንናይ ሎሚ ኣባል ተ.ሓ.ኤ. ሕቶ ሃገራዊ ስምረት፣ ካብ ሕቶ ሃገራዊ ነጻነት ጨሪሹ ኣንኢሱ ርእይዎ ኣይፈልጥን። ወዮ ድኣ ኣቶ ስዩምን ሰዓብቱን፣ ካብ ተመኩሮ ዘይመሃሩን፣ ምስ ጊዜ ዘይስጉሙን፣ ሰብ ድሩታት ልቦና ስለ ዝኾኑን፣ ከምኡ ድማ ምናልባት ናይ ጥሩፍነት ሕማሞም ስለ ዘንጸላለዎምን፣ ኢዩ እምበር፣ ሕቶ ሃገራዊ ስምረት፣ ንመሪሕነት ተጋድሎ ሓርነት፣ ናይ መርዚ ጽዋዕ ምንባሩ ስለምንታይ ይርስዕ? ቀደም ይኹን ሕጂ፣ ንመሰረታት ተሓኤ-ሰባ፣ ሕቶ ሃገራዊ ስምረት፣ ሕቶ ሃገራዊ ድሕነት ኢዩ ስለዝብልን፣ ልዕሊ ሕቶ ሓድነት ውድብ ከምዝርእዮን፣ ስለምንታይ ዘይተረድኦ?

እዚ ውድብ'ዚ ሓድነቱ ሓልዩ ንኽጒዓዝ ድሌት ማንም ኣብ ደምበ ተቓውሞ ዝርከብ ኤርትራዊ እዩ። ካብ ምብትታን እዚ ውድብ'ዚ ህዝቢ ኤርትራ

ዝረኽቦ ረብሓ የልቦን። ኰይኑ ግን፡ ምብትታን ውድብ ኻኸየስዕብ ብማለት ንጉዕዞ ቃልሲ ምዕጋት፡ ቅድሚ ሃገር ውድብ ዝብል፡ ግጉይ ፍልስፍና ስርዓት ህግዲፍ ምኽታል ግን፡ ርእሰ-ፖሊቲካዊ ገበን ሰለ ዝኾነ፡ ኣብ ኩሉ ዓለም ፋሕ ኢሉ ዝርከብ ኤርትራዊ፡ ንኣቶ ስዩምን ሰዓብቱን፡ ኣይፋልኩምን፡ ኣብዚ እዋን እዚ፡ ነዚ ቆይሙ ዘሎ ሃገራዊ ምሕዝነት ኤርትራ (ሃ.ም.ኤ) ዝትክእ፡ ዝርኤ ሃገራዊ መስርሕ ስለ ዘየሎ፡ ኣብኡ ጸኒዕኩም ተቃለሱ፡ ኢሉ ክላበዎም ጸኒሑ። ኮይኑ ግን ብኣንጻሩ፡ ብኣቦ መንበርነት ኣቶ ስዩም ዑቁባ ሚካኤል ዝተመርሐ፡ ኣኼባ መሪሕነት ተሓኤ-ሰባ፡ ነዚ ቅኑዕ ህዝባዊ ጸዋዕታ፡ እምብለይ ብማለት፡ ዘይነበረ ቅድመ ኩነት፡ ዓንቀጽ 3ተን 4ተን ከይለገሳ፡ ናብ ምሕዝነት ኣይንምለስን፡ ብምባል ንጥሩፋትን ንህግዲፍፋውያንን ንምጥባር ኣመተ።

ሓደ ውድብ ወይ ድማ ሰልፊ ኣብ ስልጣን ንዘደየቦ መሰረታት፡ ግቡእካ፡ ምሩጻት ስለ ዝኾና፡ እሺ እናበልካ ተኣዘዘና ጥራሕ ምባል ዘይኮነነስ፡ ኣብ ኣገዳሲ ስትራተጂካዊ ጉዳያት፡ ኦቲ ናብ ስልጣን ዘደየቦ መሰረታት ወሳኒ ግደ ከም ዘለዎ ምግንዛብ የድሊ። ንተሓኤ-ሰባ ድማ፡ ሃገራዊ ስምረት ማእከላዊ ስትራተጂካዊ ዕላማ ኢዩ። ከምቲ ብገለ ሕሙማት ሰዓብቲ ኣቦ መንበር ተሓኤ-ሰባ፡ መሰረታት ማእከልነት ጥሒሱ ኢሎም ዝወቕሱዎ ዘይኮነስ፡ እቲ ጉዳይ፡ ጉዳይ ሃገራዊ ስምረት ሰለ ዝኾነን፡ ሃገራዊ ስምረት ድማ እምነትን፡ ድልየትን ናይ ነፍሲ ወከፍ ኣባል ስለ ዝኾነን፡ ኣብ ምሉእ ዓለም ፋሕ ኢሉ ዘሎ ኣባል ውድብ ተሓኤ-ሰባ ጥራሕ ዘይኮነስ፡ ማንም ኤርትራዊ እውን እዞም መዓል ስዩምን ሰዓብቱን ጥዑያት ድዮም እናበለ ዘዕልል ዘሎ።

እታ ሓንቲ ክትበርሃለይ ዝኸኣለት፡ ንናይ ቀደም መሪሕነት ዓባይ ተ.ሓ.ኤ. ይኹን፡ ንናይ ሎሚ ኣቦ-መንበር ተሓኤ-ሰባ፡ ኣቶ ስዩም ዑቁባ ሚካኤልን ሰዓ ብቱን፡ ንሕቶ ሃገራዊ ስምረት፡ ብጸቢብ ዓይኒ ስልጣን ጥራሕ ስለ ዝተምልከትዎ፡ ብተደጋጋሚ ካብ ሓደ ቅልውላው ናብ ካልእ ቅልውላው ከእትዉና፡ ጸኒሖም። እዚ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት፡ ብድሕሪ እቲ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ዝተኻየደ፡ ሓሙሻይ ስሩዕ ኣኼባ ምሕዝነት፡ ንመሪሕነት ተሓኤ-ሰባ፡ እንካብ መሰረታቱ ዝነጸለ፡ ተርእዮ ድማ፡ ውጽኢት ዲሞክራሲያዊ ባህሊ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራን፡ ውጽኢት ናይ እቲ፡ ነቕ ዘይብል መትከላዊ እምነት፡ ናይ ውድብ መሰረታት፡ ኣብ ጉዳይ ሃገራዊ ስምረትን ኢዩ።

ነቲ ኣብ ጊዜ 5ይ ስሩዕ ኣኼባ ምሕዝነት (ሃ.ም.ኤ) ንሕልናን ናይ ቃልሲ መንፈስን ኤርትራዊያን ዝረመሰን፡ ንዓማጺን ገበነኛን ስርዓት ፕረሲደንቲ ኢሰያስ ትንፋስ ዝሃበን፡ ኣኺባ ረጊጹ ንዝወጸ ኣቶ ስዩም ብጌግኡ ተኣሪሙ፡ ንውድብ ተሓኤ-ሰባ ኣብ ባህርያው ቦትኡ ዝምለስ፡ ዓይነት በኣታ ከም ዘይነበረ፡ ካብቲ ወግሐ ጸብሐ ዝወጽእ ዝነበረ ጽሑፋቱ በሪሁልና ነይሩ። ወዮ ድኣ ንሕና ኤርትራዊያን የወሃትን፡ ብቀሊሉ ይቕረ በሃልትን፡ ስለ ዝኾናን ድኣ እምበር፡ ከምኡ እውን፡ ኣባላት መሪሕነት ተሓኤ-ሰባ፡ ነዚ ኣብ ውሽጢ ውድብ ተፈጢሩ ንዘሎ፡ ቅልውላው ንምፍታሕ፡ እምነትና ዓቢ ብምንባሩን፡ ዕድል ይወሃቦም፡ ንዝብል ለበዋ ለባማት፡ ከነዕብር ስለ ዘይደለናን፡ ድኣ ኢዩ እምበር፡ ኣቶ ስዩምን ሰዓብቱን፡ ብባህርያቶም እንካብ ጌጋኦም ዘይመሃሩን፡ ምስ ጊዜ ዘይሳነዩን፡ ናይ ድሕረት ተሓለቕትን፡ ምኻኖም ንፈልጥ ብምንባርና፡ ብዓንተቦኡ ክኽሽሑ ዝነበሮም፡ ፍሹላት መራሕቲ እዮም። ከምቲ ንገለና ዝመስለና እቲ ኣኺባ ረጊጽካ ናይ ምውጻእ ውሳኔ፡ ብሃንደበት ዝተፈጥረ ተረኽቦ ዘይኮነስ፡ ኮነ ኢልካ ንሃ.ም.ኤ በቲንካ፡ እንተተኻእለ ሓቅነት ዘይብሉ

ሓዲሽ ምትእኽኻብ ምስ ገለ ኣባላት ህዝባዊ ግንባርን፡ ህግዲፍን ንምፍታን ዝኣመተ መደብ ነይሩ።

እንካብ ምሕዝነት ካብ ዝምስረት ኣትሒዙ፡ ይኹን ወላ እውን ኣብ ቅድሚኡ ኣብ ዝነበረ ጊዜያት፡ ኣቶ ስዩምን ሰዓብቱን፡ ይትረፍዶ ምእንቲ፡ ሓድነትን ስመረትን፡ ሃገራውያን ሓይልታት ክቃለሱ፡ ነቶም ብቅንዕና፡ ንምሕዝነት ንምድልዳልን፡ ሰፊሕ ሃገራዊ ግምባር ንምምስራትን፡ ብዘይ ዕረፍቲ ዝቃለሱ መራሕቲ ኻልእት ውድባትን፡ ፖለቲካውያን ስልፊታትን፡ ሓይልታትን፡ መትከላት ሃገራዊ ልዑልነት ጥሒሶም፡ ንናይ ወጻኢ ሓይሊ ተንበርኪኾም፡ ኢሎም ብህግዲፍዊ ባህሪ ዝሓዘ፡ ናይ ጸለመ ወፈራ ከካይዱ ጸኒሖም። ነዚ ኣዕናዊ ወፈራ፡ ንመን ከሐጉሱ፡ ይገብርዎ ከም ዘለዉን፡ ከምዝነበሩን ሎሚ በሪሁልና ኣሎ።

ኣቶ ስዩምን ሰዓብቱን፡ ኣንጻር ስርዓት ህግዲፍን ኣንጻር ፕረሲደንቲ ኢሰያስን ንቃለስ ኣሎና ክብሉ ይኽእሉ። እቲ ዝርአ ድማ እቲ ዝተወቃቀጠን፥ ዝተኾሓሓለን ጽሑፋቶም ዘይኮነስ፡ ብተግባራቶም ሓደገኛ በተንቲ ባእታታት ምዃኖም ከም ጸሓይ ቀትሪ በሪሁልና ኣሎ። እሞ ድኣ፡ ብፍላይ ኣብዚ ዘሎናሉ እዋን፡ ብሰንኪ እቲ ብፕረሲደንቲ ኢሰያስ ዝምራሕ ኣዕናዊን ባርባርዊን ስርዓት ህግዲፍ፡ ሃገርና ኤርትራ ኣብ መንጎ ሞትን ሕዮትን ተንጠልጢላ እንከላ፡ ሰብ ንድሕነት ኤርትራ ክቃለሱን፡ ካልእ ክገብሩን፡ እናተጸበዮም ከሎ፡ ከም ሽንቲ ገመል ንድሕሪት ዝምለሱ፡ ናይ ንጽህና ዘለዎ ሰባት ተግባር ኣይኮነን። ብጌጋኹም ተኣሪምኩም ናብ ምሕዝነት ተመለሱ እንተ ተባህሉ፡ እምብለይ! ዕጭ ሓንፍፋ፡ ንሕናዶ ንምብርከኽ፡ ወይ ድማ ፍግም ንብል፡ ብዝብል ትምክሕታዊ ኣንነት፡ ኣብ ውሽጢ ውድቦም ምብትታን ዝመርጹ በኣታታት፡ ብፍላጥ ኮነ ብዘይፍላጥ፡ ንስርዓት ፕረሲደንቲ ኢሰያስ የገልግሉ ኣለዉ። እንሆ ድማ እንተኾነሎም፡ ንኣብ ውሽጢ 21 ዓመት ዝተሃንጸት ውድብ ተሓኤ-ሰባ ንምብትታና ይህቅኑ ኣለዉ።

ወላ እኳ፡ ኣብ ዝሓለፈ እዋናት ንናይ መሰረታት ምንቅስቓስ ዝድግፉ ኣባላት ፈጻሚት ሽማግለ እንተዘይነበሩና፡ ሕጂ ግን፡ ኣዚ ብብጾት፡ ኣቶ ኣሕመድ መሓመድ ናስርን፡ ዶክተር በየነ ኪዳነን፡ ከም ኣባላት ፈጻሚት ሽማግለ ኾይኖም ዝወሰድዎ፡ ስጉምቲ ኣብ ናይ ተሓኤ-ሰባን፡ ኤርትራን ዲሞክራሲያዊ ኣሰራርሓ፡ ሓድሽ ተርእዮ ስለ ዝኾነ፡ ብኻልእት ውድባትን፡ ፖለቲካውያን ስልፊታትን፡ ክልመድ ዘለዎ፡ ምዕቡል ባህሊ ኢዩ። ንብጾት፡ ኣቶ ኣሕመድ መሓመድ ናስርን፡ ዶክተር በየነ ኪዳነን፡ ንውድብ ተሓኤ-ሰባ፡ ናብ ሃ.ም.ኤ ንምምላስ፡ "መሪሕነት ኣብ ቅድሚኡ ዘሎ ሽገር ክፈትሕ ስለ ዘይከኣለ፡ ስልጣና ናብ ዋንኡ ነረክብ" ምባል ቅኑዕን፡ ክድገፍ ዘለዎን መርገጽን ኾይኑ ይርከብ ኣሎ። ብደረጃ መሪሕነታዊ መዝነቶምን ብቅዓቶምን ክርኤ እንከሎ ድማ፡ እሙናትን፡ ምኩራትን፡ ብሱላት ምዃኖምን፡ ታሪኽ ከም ዝመሃሮምን፡ ኣማን በኣማን ኣመስኪሮም።

ከም እኒ ኣቶ ስዩምን ሰዓብቱን ንውድብ ተሓኤ-ሰባ ኣብ ናቶም ውልቃዊ ዋንነት ቀይሮም፡ ንብሕታዊ ረብሓታቶም ዝሕሉ፡ ዕጹው ውድብ ኘኽቅይርዎ ይቃለሱ ኣብ ዘለዉሉ እዋን፡ እዚስ ናታቶም ውሽጣዊ ውድባዊ ጉዳይ እዩ ኢልና ዕሽሽ ከይበልና፡ ነቲ መንነትን ባህርያትን ውድብ ተሓኤ-ሰባ፡ ኘኸዕቂብ ንዝቃለስ ዘሎ፡ ሰፊሕ መሰረታት ተሓኤ-ሰባ፡ እቲ ንሶም ዘካይድዎ ዘለዉ ቃልሲ፡ ንውድቦም ጥራሕ ዘይኮነሰ፡ ምእንቲ ኣብ ሃገርና፡ ሓደስቲ ኢሰያሳት

ኃኽይፍጠሩ፣ ውሕስነት እውን ስለ ዝኾነ፣ በብዓቕምና ዝፈቕዶ፣ ንያታውን ንዋታውን ድጋፍና፣ ከነወፍየሎም ታሪኻዊ ግቡእና እዩ።

ነቶም ቀደም ኣብ ሜዳ ኣብ ውሽጢ ውድብ ተ.ሓ.ኤ. ንዝነበርና፣ ኣባላት ሰራዊት ሓርነት ኤርትራ፣ ዓበይቲ ካድራት ውድብ ተ.ሓ.ኤ. ነበር፣ ንኣቶ ስዩምን ንናይ ሽዕኡ ዝነበሩ ሰዓብቱን፣ የማናውያንን ጸረ-ልዝብን፣ ጸረ-ስኒትን እዮም፣ ተጠንቀቑሎም ትብሉና ነይርኩም። ኣብቲ እዋን እቲ፣ የማናዊ ዝብል ቅጽል ንሓደ ክርስትያን ወዲ ከበሳ ክወሃብ እንከሎ ትርጉሙ ትሕቲ ሃገር ዝሓስብ፣ ከበሳዊ ትምክሕተኛን፣ ብኣውራጃዊ ወገንነት ዝሕለኞን ባእታ እዩ። እቲ ሕጂ ካብ ኩሉ ዘሕዝን ግን፣ ኣቶ ስዩም፣ በቶም ሽዕኡ፣ የማናዊን ሓደገኛን እዩ፣ ተጠንቀቑሉ ትብሉና ብዝነበርኩም ዓበይቲ ካድራት ውድብ፣ ገና እውን ሕጂ ኣባላት መሪሕነት ተሓኤ-ሰባ ዘሎኹም፣ ባእታታት ተደጊፉ እዩ ኣቦ መንበር ውድብ ክኸውን ዝበቕዐ።

ወዮ ናታ ንሓማታ ከም ዝብልዎ፣ ንኣቶ ስዩም፣ ብሕሉፍ ዝኾነ፣ ፖሊቲካዊ ጥምሮ-ሓሳባት ትኽስዎ ዝነበርኩም ኣብዚ ሰዓት እዚ ንባዕልኹም ሓደገኛታት ተኸተልቱን፣ መሻርኽቱን፣ ኰይንኩም ብምህላውኩም፣ እቲ ዓገብ ዘብል ኣብ ጸቢብ ረብሓ ዝተተኽለ ልፍንትኹም፣ ጊዜ ከይሓለፎ ሕሰቡሉ፣ ዳግመ ርእይቶ እውን ግበሩሉ። ሽምኩም ከይጸየቕኩም፣ ሓዲሽ ገጽ ከይናደኹም፣ እቲ ናይ ቀደምኩም መሰረታት ስለ ዘማዕርገኩም፣ ብጌጋኹም ተነቂፍኩም፣ ናብቲ ኣብ ጊዜ ሽግርኩም፣ ኣብ ጎኒኹም ደው ዝበለ፣ ዝጠለምኩሞ፣ ሰፊሕ መሰረታትኩም፣ ብቕልጡፍ ተመለሱ።

ኣብ መደምደምታ፣ መልኽተይ፣ ንኣቶ ስዩምን ሰዓብቱን ድማ፣ ነዚ ኣብ ውሽጢ 21 ዓመት፣ ብኽንደይ መስዋእቲ ቃልሲ ዝተሃንጸ፣ ውድብ ተሓኤ-ሰባ ክትበታትንዎ ኣይትሃቕኑ። ኣብ ክንድኡስ፣ ካብቲ ውሒጥኩም ዘሎ፣ ናይ ስልጣን ስስዐን፣ ጸቢብ ጉጅላውነትን፣ ኣእምሮኹም ሸፊኑኩም ንዘሎ ናይ መን ከማና፣ ትምክሕታዊ ኣተሓሳስባ፣ ወጊድድኩም፣ ዲሞክራሲያውያን ኩኑ። ንነፍስኹም ዲሞክራሲያውያን ከይኾንኩም፣ ንሕብረተ ሰብ ኤርትራ ዲሞክራሲያዊ ስርዓት ንምትካል ኣይክትበቕዑን ኢኹም። ስለዚ፣ ብሓቂ ክንዲ ፍረ ኣድሪ እትኽውን፣ ናይ ጭቁን ሕዝቢ ኤርትራ ሓልዮት፣ እንተኣሎኩም፣ ኣብዚ ዘሎናሉ እዋን፣ ሃገርና ኤርትራ፣ ኣብ መንጎ ሞትን ሕዮትን፣ ተንጠልጢላ ስለዘላ፣ ንድሕነት ሃገር ምቅላስ ግቡእኩም ስለዝኾነ፣ እወ ሕጂውን ካብ ኣረጊት ሕልምኹም ተበራበሩ እብለኩም።

*ዓወት ንቓልሲ ህዝቢ ኤርትራ*
*ሃገራዊ ምሕዝነት ኤርትራ ይደልድል*
*ዘልዓለማዊ ክብርን ዝኽርን ንሰዉኣትና*